# ግንቦት

24 ግንቦት ግንቦት ግምቦት

ወርሒ ሰናይ፡ ልግሲ
ወርሒ ምህለላ፡ ራሕሲ
ወርሒ ነጻነታዊ ፌልሲ፡

ወርሒ ትጽቢት ተስፋ
ኩሉ ዝጽበያ ዝሃርፋ
ግንቦት ኣልፋ፡

ወርሒ ተድላ፡ ሓጎስ
ወርሒ ጽንዓት፡ ደበስ
ወርሒ ምቕሊ፡ መለስ፡

ክንማሃር፡ ክንሰርሕ፡ ክንሓርስ
ሰላም ረኺብና ፍትሒ ክነግስ
ክንስልጥን፡ ክንዓቢ፡ ክንግስግስ፡

ንራህዋ ንልምዓት
ንሰላም፡ ንጽጋብ፡ ርውየት
ሓሳባትኪ ነይሩ ግንቦት፡

ግን…. ብሕጓ ዝኣተዎ ብድሕሪት
ስምኪ ዝድዉኑ ጠላማት
ባይቶ ኣባዲ'ሞ ብኽፍኣት፡

ደቒ ግንቦት ክጠፍኡ
መሰሎም ክንፈግ ክኸልኡ
ክሞቱ ክስውኡ፡…………….      ዓዲ ዓሰርተ ሾናት ይእወጅ

ንስምኪ ብሓሶት ዝውርቕ
ኣዳራሽኺ ብጓኖት ከዕለቕልቕ
ደቕኺ ዘይረኽቡ ርባዕ መፋርቕ …..      ኰይኑ ኣሎ

ንኣኽሊልኪ ዝጻባእ
ዝኣሰር፡ ዝንዳእ
ኣበይ ከይበጽሕ ከይሕባእ፡

ኣሎ፡ ዋልታ ህዝቢ
በዓል ኣእምሮ ቀልቢ
ወትሩ ንስምኪ ዝናቢ፡

ንኽብሪ
ንዝኽሪ
ንዕምሪ …….. ዝቓለስ ዋልታ ኣሎኪ፡

ንዝኽሪ መበል 16 ዓመት በዓል ነጻነት
24 ግንቦት 2007

ኣንቶንዮ ተስፋይ